# እንተ ዝምዕድ

**መእተዊ፡-**

ናብቶም ንኢየሱስ ክርስቶስ እዙዛት ክትከኑ ብምንጻግ ደሙ ከኣ ምእንቲ ክትነጽሁ በቲ ቀዳሲ ዝኮነ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝሓረየኩም ጸጋን ሰላምን ኣባካትኩም ይብዛሕ። እዛ እንተ ዝምዕድ ብዝብል ኣርእስቲ ተዳልያ ዘላ ጽሕፍቲ ከም መበገሲ እኳ እቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ታሪክ ሃዋርያ ቶማስ እንተ ኮነ፡ ንኾነታትና ብዘንጸባርቕ ኣቀራርባ ንትምህርትና ንክከውን ባዕላዊ ትንተናን ሓሳባትን ብምጥቕላል እተዳለወ እዩ። ስለዚ በዚ ሓሳብ እዚ ክንበብ እላቦ።

ሓጺን እንተ ጐደመ ሓጺን ከም ዝስሕሎ ሰብ’ውን ካብ ታሪክ ሰብ ይመሃር እዩ እሞ፡ ንምክንያት ብልሕኩም ክኮነኩም ተመኲሮ ህይወተይ ከካፍለኩም ኣንብቡኒ።

ስመይ ቶማስ እበሃል። ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ጐይታይን ኣምላከይን ዝኮነ ኢየሱስ እየ። ድሒረ’ውን ሃዋርያ ህዝብን ኣህዛብን ክከውን ጸጋ ኣምላክ ደጊፉኒ እዩ (ማቴ 10፡2-4)። ዝበዝሑ ሰባት ቶማስ ዲዲሞስ ይብሉኒ፡ ትርጕሙ ቶማስ እቲ ማንታ ማለት እዩ (ዮሃ 11፡16)። ዋላ እኳ ምስቶም ንኹሉ ጠንጢኖም ዝስዕቡ ዝነበሩ እንተ ነበርኩ፡ ካብ ልበይ ዝዓዱ ዝነበርኩ ኮይኑ ኣይስምዓንን። መጀመርታ ታሪከይ ውድቀት ዝበዝሖ እኳ እንተ ኮነ፡ መጨረእታኡስ ኣይከም መጀምርታኡን፡ ታሪከይ ዘጸበቐ ፈቃር ኣምላከይ ስሙ ይባረክ።

ንጐይታይን ኣምላከይን ኢየሱስ ክርስቶስ ክስዕብ ከሎኹ፡ መንነቱ ብምልኣት ተረዲአ እስዕብ ኣይነበርኩን። ስለዚ ከኣ ንልቢ ጐይታይ ዝሰብር ቃላት ብዙሕ እዋን ካብ ኣፈይ ወጺኡ እዩ። ግናከ እቲ ከም ግብረይ ዘይፈደየኒ ምሕረተ  ኣምላከይ ይመስገን።

ንሱ፡ እቲ ጐይታይን ኣምላከይን ርእሱ ዘጸግዓላ ቅንጣብ መጽለልን ትሕዝቶን ዘይነበሮ ብምንባሩ፡ እንታይ ርእየ እስዕቦ ከም ዝነበርኩ ብዙሕ ኣይርድኣንን። ክዛረብ ክሰምዖ ከሎኹ ግና ልበይ ሓጐስ ይመልእ፡ ስለዚ ድማ ነፍሰይ ደድሕሬኡ ምስዓብ ባህ ኢሉዋ ትመርጾ። ዋላ እኳ ዝበዝሐ ትምህርቱ ብእዝነይ እንተ ሰማዕኩዎ፡ መሰረታዊ መልእክቱ እንታይ ምኳኑ ግና ኣየስተውዕሎን ነበርኩ። ጸላእቲ ጐይታይ ከም ጸጕሪ ርእሲ ማእለያ ዘይብሎም ብምኳኖም፡ ንኣይን ነቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርትን ምስኡ ኣሕቢሮም ከይቀትሉና ልበይ ኩሉ ጊዜ ብዙሕ ይሻቐል ነበረ። ከመይሲ ዕድመ ዘይጸገብኩ ንኡስ በዓል ትኩስ ሓይሊ ነበርኩ፡ እሞ፡ ሰብ ዝጠዓሞ ጥዒመ ንቡር ፈቲነ፡ ክመውት



ባህታይ እዩ ነይሩ። እንታይ እሞ፡ ሞት ፈሪሕካን ንክርስቶስ ክትስዕብ ደሊካን ዘይከውን ኮይኑኒ፡ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ነገራት ልበይ እዝዩ ተቐርቀረ። ብፍላይ ድማ ኣብቲ ጐይታይን ኣምላከይን ስለ ድሕነተይን ድሕነት ኩሉ ዓለምን መከራ ይጸግበሉ ኣብ ዝነበረ ጊዜን ምስ ተሸንከረን፡ ከም ፍታሕ ዝሓዝኩዎ መርገጺ፡ ካብ ሕብረት ደቀ መዛሙርቲ እናረሓቕካ ንኢየሱስ ምስዓብ ዝብል ነበረ።

ህይወትን በረከትን ንዘለኣለም እተኣዘዞ፡ ኣብቲ ከም ጠሊ ሄርሞን ንነፍሲ ዘጥልል ጸጋ ዝዓዘዞ ሕብረት፡ ንኣይ ኣይንታየይን እዩ ዝነበረ። ጣዕሚ ሕብረት ቅዱሳን ከም ዘየስተማቐርኩ ምኳን፡ ከም እቶም ገሊኦም ልማድ ዝገብሩዎ፡ ብዙሕ እዋን ኣኬባይ ጠንጢነ ፈቐዶኡ ኮለል ዝበልኩዎ ውሑድ ኣይነበረን። ከም ውጽኢት ናይ እዚ ድኩም ጐድነይ ከኣ፡ ብዙሕ ክውንኖ ዝግብኣኒ ዝነበረኒ መንፈሳዊ ምልምማድ፡ ከምቲ እትካዕወ ማይ ዘይሕፈስ፡ ከምኡ ከሲረዮ ነበርኩ።

ኣብ ማእከል ኣሕዋት ሃልሃል ዝብል ፍቕሪ እናሃለወ፡ ህይወተይ ብኣስሓይታ ቍሪ ብሕትውና ንበይና ትቖርር። ኩሎም ደቀ መዛሙርቲ ከም ሓንቲ ስድራ ተኣካኪቦም፡ ንሓድሕዶም ቃል ኣምላክ እናተዘራረቡ መንፈስን ጸጋን ክመልኦም፡ ከም ዘይብተክ ሰንሰለት ኣብ ንሓድሕዶም ተጠናኒጎም ቅዱሳን ኣእዳው እናኣልዓሉ ክጽልዩን ገጽ እግዚኣብሄር ክደልዩን ከለዉ፡ ኣነ ግን ከም ውላድ ዛግራ እግረይ ናብ ዝመርሓኒ እኾብልል ነበርኩ። ህይወተይ ከም ሽንቲ ገመል መመሊሱ ንድሕሪት ይጕተት። ሓያሎ ጊዜ፡ ጴጥሮስን ዮሃንስን ምዒዶምኒ እዮም፡ ኣነ ግን ንሕብረት ኣሕዋት ትሑት ግምት ኣብ ምሃብ ነቐጽኩ።

ዋሕዲ ቃል ኣምላክ ንህይወተይ ከም ዓጸቦ ከዳክማ ጀመረ። ኩሉ ቃላት ጐይታ ካብ ኣፉ እኳ እንተ ሰማዕኩዎ፡ ትርጕሙስ ምስጢር ይኮነኒ ነበረ። ጠንቂ ምድፋን ምስትውዓለይ፡ ካብ ሕብረት ኣሕዋት ሓያለይ ስጕምቲ ተፈልየ ምንባረይ ምኳኑ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ኣረ ሓደ ሓደ እዋንሲ ኩሎም ኣይሁድን ሊቀ ካህናትን ኣንጻር ጐይታ ኣብ እተላዕሉሉ ጊዜ፡ ጐይታይ ነቲ ሓሚሙ ዝሞተ ፍቱው ኣልኣዛር ሓው ማርያምን ማርታን “... ኣልኣዛር ፈታዊና ደቂሱ ኣሎ። ኣነ ግና ካብ ድቃሱ ምእንቲ ከተንስኦ፡ ክከይድ እየ ...” ምስ በለ፡ ከይተረድኣኒ “... ንሕና’ውንከ ምስኡ ክንመውት ንኪድ ...” ዝብል ስንፍና ዝመልኦ ናይ ዘይምእማን ቃላት ካብ ከናፍረይ ወጺኡ እዩ (ዮሃ 11፡8፤ ዮሃ 11፡16)። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ’ውን ጐይታ በቲ ኣብ ምድሪ ዝገጥመና ምረትን ፈተናን ልብና ከይሽበር፡ ብኣምላክን ብጐይታናን ክንኣምን፡ ናብቲ ኣብ ቤት ኣቦና ዘሎ ማሕደር ክንጥምት፡ ልብና ብወሓዚ ሰላሙ ከጽንዕ ከዘክረና ከሎ፡ ኣነ ግን ልበይ ብዘይምስትውዓል ተደፊኑ፡

ብድፍረት “ናበይ ከም እትከይድ ኣይንፈልጥን ኢና ...” ክብል ከሎኩ፣ ገና ሳላ እቲ ሰፊሕ መንኾቡ ጸይሩኒ ነይሩ። እኳ ደኣ “መገድን ሓቅን” ምኳኑ ብህድኣት ኣረድኣኒ (ዮሃ 14፣1-6)።

ሊ.ቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍትን ብምስክር ሓሶት ንጐይታና ኣብ መስቀል ክመውት ኣሕሊፎም ምስ ሃቡዎ፣ ኣነ ደጊም ታሪኩ ኣብቂዑ እዩ፣ ሕብረት ምስ ደቀ መዛሙርቱ እንታይ ትርጕም ክህልዎ እዩ ኢለ ካብቲ ቀዳማይ ግብረይ ብዝበኣሰ ፈቓዶኡ ኮለል ምባል ከም ቅኑዕ ኣማራጺ ወሲደ ክመላለስ ጀመርኩ። ተስፋ ትንሳኤኡ ካብ ልበይ ፈጺሙ ጠፊኡ፣ ታሪኩ ከም ኵሉ ሰብ ብሞት ከም ዝወሓጥ ሰይጣን ንፍላጻታቱ ናብ ኣእምሮይ ክውርውረለይ ጀመረ። ኣንጻር ጸላእየይ ከቓውመኒ ዝክእል ትብዓት ኮነ ዓቕሚ ፈጺሙ ኣይነበረንን፣ ኣብ ጐድነይ ኣጆካ ዝብል ሓው ኮነ ሓብቲ ከይርከብ ድማ ድሮ ካብ ሕብረት ርሒቐ ነበርኩ። ስለዚ ድማ ናብራይ ተስፋ ኣልቦ ጸልማት ኮይኑ ተሰምዓኒ። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዘይካ ኣእምሮይ ብዝመርሓኒ ምካድ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረንን። ጐይታ ሓይሊ ሞት ብሞቱ ስዒሩ ካብ ምዉታት ተንሲኡ፣ ነቶም ብፍርሂ ልቦም እተታሕዘ ደቀ መዛሙርቱ ከጸናንዕ፣ ኣብ ውሽጢ ዕጹው ዝመስኮቱ ክፍሊ ተጋህደ። ኣነ ግና፣ ከም ልማደይ ጐይታ ክግለጽ ከሎ ኣብ ማእከል ሕብረት ደቀ መዛሙርቱ ኣይነበረኩን። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከኣ “ንጐይታ ርኢናዮ፣ ተንሲኡ እዩ” በሉኒ። ኣነ ግና፣ ካብቲ ሕብረት ካብ ምርሓቐይ እተላዕለ ድሮ ተስፋ ትንሳኤኡ ካብ ልበይ ሃሲሱ ነበረ እሞ ንምእማኑ ፍጹም ሸገረኒ። ኣሰር እቲ ሽንካር ኣብ ኣእዳዉ ከይርኤኩ፣ ኣጻብዐይ ድማ፣ ኣብቲ እተሸንከሮ ኣካላቱ እንተ ዘየእቶኩስ ፍጹም ኣይኣምንን እየ ብምባል ኣቕበጽኩዎም (ዮሃ 20፣24-25)። ተስፋ ትንሳኤ ጐይታ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ክሳዕ ክንድዚ ካብ ልበይ ተፋሕቈ። ንኵሎም እቶም ትንሳኤ ጐይታ ብኣዒንቶም ዝረኣዩ ከም ሓሰውቲ ምስክር ቆጺረ፣ ባዕለይ ከይረኣኩ ኣይምንን እየ፣ ብምባል ኣብ ዘይምእማነይ ጸናዕኩ፣ ምጽናዕ ልበይ ሰሙኑ ኣሕለፈ። ድሕሪ ሸሞንተ መዓልታት ግና፣ እቲ ኣብ ትሪ ልበይ ምጽንዐይ ዝረኣየ ጐይታ፣ ኣነ ኣብ ማእከል ደቀ መዛሙርቱ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፣ ኣብቲ መዓጹ ምስትውዓል ልበይ ብጽኑዕ እተሸጎረ ልበይ፣ ብድንገት ተጋህደ። በቲ ንነዊሕ ጊዜ ዝጠፍኣኒ ሰላሙ’ውን ኣበሰረኒ። እቲ እተሸንከረ ኣእዳዉን ኣእጋሩን’ውን ኣርኣየኒ። ሽዑ እተሰምዓኒ ሕፍረትን ራዕድን ከምዚ ኢለ ክገልጾ ኣይክእልን። ብሰሪ ዘይምእማነይ ካብ ብጽእና ምጕዳለይ ሽዑ እዩ እተረድኣኒ። ግን ከኣ ብዝሒ ምሕረቱ ኣብ ልዕለይ፣ ንልበይ ረትዖ እሞ፣ ጐይታይን ኣምላኸይን በልኩዎ።

መዘዝ ሰንኮፍ ሕብረተይ ምስ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ጥራይ ኣይነበረን። ዋላ እኳ ትንሳኤ ጐይታ ብኢደይን ብኣዒንተይን እንተ ኣረጋገጽኩ፣



ጴጥሮስ “... ኣነስ ዓሳ ክገፍፍ ክከይድ እየ ...” ኢሉ ነቲ ሓደ እዋን ዝጠንጠኖ መርበቡን ጃልባኡን ክምለስ ምኳኑ ምስ ነገረና፣ ኣነ ካብቶም “ንሕና’ውን ምሳካ ንከይድ” ዝበሉ ነበርኩ። ሽዑ’ውን ጐይታ ኣብ ጽንዓት ልብና ኣይሓደገናን። ምድሪ ምስ ወግሐ፣ ብበረከት ኣእዳዉ መንነቱ ከነስተውዕል ኣዒንትና ከፈቱልና እዩ (ዮሃ 20፣1-3)።

ምኽንያት ናይዚ ኵሉ ውድቀት ዝመልአ ታሪኸይ፣ ኣብ ሕብረት ዝነበረኒ ድኩም ርድኢት እዩ፣ ኢለ እኣምን። እምበኣርከስ ከም ኣመንቲ ጐይታ መጠን፣ ብሓድነት ሕብረት ንሓድሕድና ኣዚና ጥሙራት ንኹን። እቲ ዝዓበየ ውዲት፣ ተኵላ ነተን ኣባጊዕ ፋሕ ከብለን እሞ፣ በብሓደ ክዛረፈን እዩ። ነተን ኣብቲ ሕብረት ዘለዋ ግና፣ ኣብኡ በረከት ኣሎ፣ ኣብኡ ምጽንናዕ ኣሎ፣ ኣብኡ ብመንፈስ ምዕባይ ኣሎ፣ ኣብኡ ፈውስን ምዝናን መስበርትን ኣሎ እሞ፣ ከምታ ጥፍእቲ በጊዕ ካብ መጓሴኣ ንበይና ተፈልያ ዝጠፍኣት፣ ካብ ሕብረት ኣመንቲ ኣይንጥፋእ (እብ 10፣24)። እምበኣር መልእኽተይ ንምዝዛም እቲ ቀንዲ ክብሎ ዝደለኹ ነጥቢ፣ ሕብረት፣ ሕብረት፣ ሕብረት፣ ኣይትሕደጉ ዝብል እዩ!!!

እግዚኣብሄር ጸጋኡ የብዝሓልኩም።